ቢሮ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ነዞም ስሚቦም ዝተዘርዘሩ ሮቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ታሕሳስ 2, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 14, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 14, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ቑፅሪ 02/2017 ዓ/ም

ቢሮ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ፅሕፈት መሳርሒ፣ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ነዞም ስሚቦም ዝተዘርዘሩ ሮቋሒታት እተማልኡ ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም።

1. በቲ ዘርፊ ናይዚ ዘመን ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ከቕርብ ዝኽእል፣

2. ናይ ግብሪ ከፉላይ መለለይ ቑፅሪ (TIN) ሰርተፊኬት ከቕርብ ዝኽእል፣

3. ንተወሳኺ እሴት ታክስ (VAT) ዝተመዝገበ ኮይኑ VAT ምዝገባ ሰርተፊኬትን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ 2017 ዓ.ም VAT ድክላሬሽን ከቕርብ ዝኽእል፣

4. መቕረባይነት ዝተመዝገበ ምኻኑ ሕጋዊ ምስክር ወረቐት ከቕርብ ዝኽእል፣

5. ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታን ዘይምለስ ብር 100.00 /ሚኢቲ/ እናኸፈለ ካብ ቢሮና ዳይሬክቶሬት ዕደጋ፣ ፋይናንስን ንብረት ምም/ርን 4ይ ደብሪ ካብ ዕለት 02/04/2017 ክሳብ 11/04/2017 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቕራብ ምውሳድ ይኽእሉ

6. ዝቕርብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጂናልን ሓደ ኮፒን ነንበይኑ ብሽምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡ ናይ መቕረባይ ሙሉእ ሽም፣ ናይቲ ትካል ኣድራሻ፣ ስልኪ ቑፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምኳኑን ናይዚ ቤት ዕዮ ሽም ክሕብር ኣለዎ።

7. ተጫረቲ ዘትሕዝዎ መኽበሪ ጨረታ ንፅሕፈት መሳርሒ ብር 3,000 (ሰለስተ ሽሕ)፣ ብሽም ቢሮ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብ CPO ናብ ዝተዳለወ ናይ ቤት ዕዮና ጨረታ ሳንዱቕ ወይ ድማ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ከቕርብ ዝኽእል፣

8. ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኮነ ተወዳዳራይ ዝሰዓሮ ንብረት ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት

ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 (ዓሰርተ) ተኽታታሊ ናይ ስራሕ መዓልቲ ብናይ ባዕሉ መጓዓዝያ ናብ ቤት ዕዮና ስቶር ክፍሊ በቲ ዝተሓተተ ፅሬትን መጠንን ከቕርብ ዝኽእል፣

9. እቲ ጨረታ ዕለት 14/04/2017 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3፡30 ቕድሚ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ስዓት 4፡00 ቕድሚ ሰዓት ኣብ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ክ/ከተማ ሓዉልቲ ፊት ንፊት ፕላኔት ሆቴል ኣብ ዝርከብ ሰናይ ዘበን ህንፃ 4ይ ደብሪ ቢሮ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ (ዳይሬክቶሬት ዕደጋ ፋይናንስ ንብረት ምምሕዳር) ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጎልን።

10. ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ቫት ዝሓወሰ ክኸዉን ኣለዎ ተዘይኾይኑ ቫት ከምዝሓወሱ ርዱእ ተገይሩ ይዉሰድ።

11. ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ ጨረታ ካብ ተኽፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን40 መዓልቲ ይኽዉን።

12. ቢሮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

13. እቲ ጨረታ ምስተኽፈተ ቢሮና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት ዓቐን ወይ ዋጋ ከም ኣድላይነቱ ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቕሓ ክሳብ 20% ክቕንስ ወይ ክውስኽ ይኽእል እዩ።

14. ሰዓራይ እቲ ዘቕርቦ ንብረት ብበዓል ሞያ ወይ ብዝምልከቶ ኣካል ተፈቲሹ ትክክለኛነቱ ምሰተረጋገፀ ጥራሕ ኣታዊ ይኽውን።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ስልኪ ቁፅሪ 0342400009 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል::

ምስ ሰላምታ

ቢሮ ኢንዱስትሪ ክልል ትግራይ

መቐለ - ትግራይ - ኢትዮጵያ 42-400009

ፋክስ/Fax 0344- 406736

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle